ሃገረ ኤርትራ
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

دولة إرتريا
وزارة الشؤون الخارجية

The State of Eritrea
Ministry of Foreign Affairs

12 ሚያዝያ 2016

Ref: 19-16/NCC/Cir/Missions

**ናብ፦**

- **ኩለን ሚሽናት ኤርትራ**
- **ጠቕላሊ ቆንስልያታት ኤርትራ ኣብ ካናዳን ኣውስትራሊያን**

***ቅዳሕ፦***

- ✓ ***ኣባላት ኣወሃሃዲ ኣካል***
- ✓ ***ኣወሃሃዲ መኸተ ኤውሮጳ - ኣምባሳደር ፍሱሓጽዮን ጴጥሮስ***
- ✓ ***ቀዋሚ ወኪል ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም***

ክምዝዝከር ንዘይፍትሓዊነት ጸብጻባትን ሓላፍነትን ኣጻሪዩ ኮሚሽን ፍሉይ ራፖርተርን ንምቕዋም ኪካየድ ዝጸንሐ መኸተ ንምቕጻልን ንምድልዳልን ፐቲሽን ኪጸሓፍን ሰላማዊ ሰልፊ ኪካየድን ካብ ዜጋታት ጠለብ ኪቐርብ ብዝጸንሐ መሰረት ኪትግበር ኣብ ኣኼባ ኩለን ውዳበታት ክምዝተወሰነ ይፍለጥ። ዓለም-ለኸ ኤርትራዊ መኸተ ንፍትሒ ብዘበገሶ ሓሳባት መሰረት ዝተዳለወ መርሓን ሓፈሻዊ ሓበሬታን ድማ ይለኣኽ ኣሎ *(ቅዳሕ ተተሓሒዙ ኣሎ)*። ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ናይቲ ብኢንተርነት ዝምላእ ምሉእ ሓበሬታ ብዓለም-ለኸ ኤርትራዊ መኸተ ንፍትሒ ኪለኣኽ ኢዩ። በዚ መሰረት እዚ ዝሰዕብ ሓበሬታ ብትሕትና እሕብር፡-

1. ቡቲ ተሓንጺጹ ዘሎ ዒላማን ኣወዳድባን ብዝለዓለ ኣድማዕነት ንኪሰርሓሉ **ምሉእ ኣተኩሮ** ሂብኩ ኪሰርሓሉ፡ ናብ ዝለዓለ ምኽታትን ምውዳብን ህዝባዊ ዲፕሎማስን ድማ ይቕንዕ

2. ብመሰረት ወጺኡ ዘሎ መርሓን ሓፈሻዊ ታርገትን ንብስወከፍ ሃገር ክሳብ ዓርቢ 15 ሚያዝያ ንጹር ታርገትን ኣወዳድባን ዝሓዘ **ውጥን** ክትልእኹ

3. እዚ ኣብ ግምት ኣትዩ ቀጻሊ ምልውዋጥ ሓበሬታ፣ ሓሳባትን ተመኩሮን እናተገብረ ንዝለዓለ ውጽኢትን ጽልዋን ኣብ መንጎ ኩለን ሃገራትን ውዳበታትን **ዝተወሃሃደ ጻዕሪ** ኪካየድ

4. ናብ መበል 25 ዓመት ናጽነት **ናብ ኤርትራ ዝገሹ** ብዙሓት ዜጋታት ስለዝህልው ፍሉይ ኣወዳድባ ጌርካ ቅድሚ ምብጋሶም ብዝቐልጠፈ ክምዘማልኡ ምትስሳስ

ምስዚ ኣዛሚድካ'ውን ቡቲ ኣብ ኣኼባ ወከልቲ ኩሉ ኤርትራዊ ውዳበታት ዝተወሰነ መሰረት ሰላማዊ ሰልፊ ኪካየድ ኢዩ። ካብ ሕጂ ጀሚርካ ምቕርራብ ንኪግበር ዓለም-ለኸ ኤርትራዊ መኸተ ንፍትሒ መምርሒ የዳሉ ኣሎ። ንጹር ግዜ ኪሕበር'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ መንጎ 21-23 ሰነ 2016 ኣብ ዘሎ ግዜ ከምዝኸውን ኣብ ግምት ይኣቱ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ጸሓፊ ኣወሃሃዲ ኣካል

# ዓለም-ለኸ ኤርትራዊ መኸተ ንፍትሒ - Global Eritrean Action for Justice

## ዘይፍትሓዊነት ኣጻራዪ ኮሚሽንን ፍሉይ ራፖርተርን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንምቅዋም ዝካየድ ፐቲሽን መርሓን ሓፈሻዊ ሓበሬታን

**ኣወዳድባ ግዜ**

1. ዕማም ፐቲሽን 16 ሚያዝያ ይጅመር፡ ክሳብ 27 ግንቦት 2016 ከኣ ይውዳእ
2. ካብ 31 ግንቦት ክሳብ 6 ሰነ ኣብ ዘሎ ግዜ ኩሉ ዝተኣከበ ፐቲሽን ናብቲ ዝተዓለመሉ ኣድራሻ ከምዝለኣኽ ይግበር *(መበል 32 ኣኼባ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት 13 ሰነ ይጅመር። ጸብጻብ ኣጻራዪ ኮሚሽን ድማ ኣብ ካልኣይ ሰሙን ማለት ብግምት ኣብ መንጎ 21-23 ሰነ ኣብ ዘሎ ግዜ ኪቐርብ ትጽቢት ኪግበር ይከኣል)*

**ኣገባብ**

3. ክልተ መንገዲ ዝተኸተለ ኣገባብ ይህሉ፡ ማለት ኣብ ወረቐት ዝምላእን ብኢንተርነት ዝካየድን

3.1. ኣብ ፎርም ዝምላእ

- ነብስወከፍ ተሳታፊ ኣብ ዝተዳለወ ፎርም (ጥብቆ ቁ 2) ምሉእ ስም፡ ኣድራሻ ይመልእ፡ ፊርማ ድማ የንብር፡ *(መበገሲ መዘኻከሪ ትዳሊዩ ኣሎ ናብ ትግርኛን ዓረብኛ ይትርጎም)*
- ሓበሬታ ይኹን ክታም ብንጹርን ጥንቃቐን ይምላእ
- ኣብ ነብስወከፍ ፎርም 9 ሰባት ይፍርሙ
- ቁ. ተርታ ኣብ ዝብል ናይ ኩሉ ሰብ ብመስርዕ ዳሕራይ መታን ክምላእ ይጸንሕ፡
- ዝተመልአ ፎርምታት ብኢጋኡ እናተኣከበ ቁጽሪ ገጽ ጽሒፍካ **Scan** ተገይሩ ናብቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣድራሻታት ይለኣኽ *(ጥብቆ ቁ 3 ዝርዝር ኣድራሻታት ተመልከት)*
- **Scan** ዝግበር ዝተመልአ ፎርምታት በዚ ዝስዕብ ናይ ፋይል ኣገባብ ይተሓዝ (ንኣብነት EritreaPetition2016–USA-Denver-plto50)
  - ✓ መጀመርያ ቴማ - EritreaPetition2016
  - ✓ ሃገር - ካበይ ሃገር ከምዝተኣከበ
  - ✓ ከተማ - ዝተኣከበሉ ከተማ
  - ✓ ቁጽሪ ገጻት - ካብ/ክሳብ
- **Scan** ተገይሩ ዝተላእከ ፎርምታት ብኡን-ብኡን ናብ ዓለመ-ለኸ ኤርትራዊ መኸተ ንፍትሒ ናይ ነብስወከፍ ሃገር በብከተማኡ ተወዲቡ ይለኣኽ (ብeritreanglobalmekete@gmail.com)

3.2. ኣብ ኢንተርነት ዝምላእ

- ኣብቲ_መርበብ ኢንተርነት ብምእታው *(ኣተን ነዚ ዝውዕላ መርበባት ኪሕበራ እየን)* ተመሳሳሊ ሓበሬታ ብምምላእ ይልኣኽ፡ ነዚ ዝምልከት ምሉእ ተከኒካዊ ሓበሬታ ብዓለመ-ለኸ ኤርትራዊ መኸተ ንፍትሒ ክሳብ 17 ሚያዝያ 2016 ይለኣኽ
- ብኢንተርነት ዝለኣኽ ፐቲሽን ብስም ነብስወከፍ ሰዳዲ ተመዝጊቡ ይለኣኽ

- ኩሉ'ቲ ብኢንተርነት ዝተላእከ ፐቲሽን በቶም ዝምልከቶም ኣብ **Excel Sheet** ተጠርኒፉን ተሓቲሙን እንደገና በቲ ዝተመልከተ ኣድራሻታት ይለኣኽ *(ናይ ስነዳ ኣመዛጋግባ ክምቲ ላቐዲሙ ዝተገለጸ ይኸውን)*
- እዚ ጥርኑፍ መልእኽትታት ናብ ዓለመ-ለኸ መኸተ ኤርትራዊያን ንፍትሒ ብተመሳሳሊ በብከተማኡ ተጠርኒፉ ይለኣኽ (ብ eritreanglobalmekete@gmail.com)

3.3. ዓለም-ለኸ ኤርትራዊ መኸተ ንፍትሒ ነቲ ካብ ምሉእ ዓለም ዝተኣከበ ጠርኒፉ ናብ ቤት ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ጀነቫ እንደገና ዘረክበሉ ቅጥዕን ግዜን ሓንጺጹ ብዝቐልጠፈ ይሕብር

**ምኽታትን ዒላማታትን (Mobilization and Targets)**

4. ኣብ ነብስወከፍ ሃገር ነቲ ዕማም ብዝለዓለ ንምዕዋት ዘገልግል ውጥን ይዳሎ፡ ንዓኡ መሰረት ጌርካ ከኣ ክሳብ ዝተሓተ ደረጃን ስድራቤትን ምኽታትን ምውዳብን ይካየድ፡ ነዚ ዝኣልዩ፡ ዚጉስጉሱን ዝሕግዙን ሰባት ድማ ይውደቡ
5. ምስቲ ተሓንጺጹ ዘሎ ሽቶን ልዕሊ ፍርቂ ሚሊዮን ታርገትን ብምዝማድን ብዝሒ ህዝቢ'ውን ኣብ ግምት ኣትዩ ብሃገር ደረጃ ንጹር ዒላማታትን ኣተገባብራን ይሕንጸጽ *(ንነብስወከፍ ሃገር ዝተዋህበ ዝተሓተ ኮታ ኣብ ጥብቆ ቁ 1 ቀሪቡ ኣሎ)*። መዓልታዊ ምክትታል እናተገብረ ሰሙናዊ ሓበሬታ ናብ ዓለም-ለኸ ኤርትራዊ መኸተ ንፍትሒ ይለኣኽ
6. ነብስወከፍ ዜጋ ፎርም ብምውሳድ ስድራቤቱ፡ መቕርቡ፡ ኣዕሩኽቱ፡ መሳርሕቱ፡ ወዘተ ንከምልእን ኪሕግዝን ጉጅለታት፡ ውዳበታትን ማሕበረ ኮማትን መሪሕ ተራን ሓላፍነትን ይስከሙ። ናይ ኩሎም እቶም ፎርምታት ኣምሊኦም ዝመለሱ ዜጋታት፡ ጎስጎስትን ወደብትን ጸብጻብ ከኣ ብግቡእ ይተሓዝ
7. ፐቲሽን ብነብስወከፍ ኤርትራዊ ማሕበርን ውዳበን'ውን ይምላእ፡ **Eritrean Organizations** ብዝብል ከኣ ይቐርብ
8. ኣዕሩኽ ኤርትራ ዝኾኑ ውልቐሰባትን ውዳበታትን (**Partner Organizations** ብዝብል ዝተሓዝ) እንተላይ ካልኦት ንፍትሒ ደው ዝበሉ ውልቐሰባትን ውዳበታትን ንኪፍርሙ'ውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ልዑል ጻዕሪ ይግበር

**ፐቲሽን ዝለኣኽሉ ኣድራሻታት**

9. ዝተመልአ ፎርምታት ፐቲሽን ምስቲ ነዚ ዝምልከት ዝተዳለወ መዘክር ናብ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት፡ ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት፡ ፐረሲደንት ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ኣባላት ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላትን ይለኣኽ (ናይተን ሃገራት ኣድራሻ ብኣወሃሃድቲ ዓለም-ለኸ መኸተ ኤርትራዊያን ንፍትሒ ኪለኣኽ ኢዩ)፡ ኣርባዕተ ኣካላት ኤውሮጳዊ ሕብረትን ከምኡ'ውን ኣጻራዩ ኮሚሽንን ፍሉይ ራፖርተርን ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ይለኣኽ
10. ብተወሳኺ ናብ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ናይተን ኤርትራዊያን ዝነብሩለን ሃገራት'ውን ብተመሳሳሊ ይለኣኽ

**ገምጋምን ጸብጻብን**

11. በብከተማኡን በብሃገሩን ገምጋም ተገይሩ ክሳብ 30 ሰነ 2016 ጸብጻብ ይቐርብ

ዓወት ንሓፋሽ!

**ጥብቆ ቁ 1፡ ዒላማታት (Targets) በብሃገሩ**

| | Eritreans | Friends & Partners | |
|---|---|---|---|

| Mission | Individual | Org/s | Individual | Org/s | Total |
|---|---|---|---|---|---|
| Sudan | 70,000 | | 25,000 | | |
| South Sudan | 4,000 | | 1,200 | | |
| Uganda | 3,000 | | 1,000 | | |
| South Africa | 3,000 | | 1,500 | | |
| Kenya | 2,000 | | 5,000 | | |
| Egypt | 1,000 | | 300 | | |
| Libya | 1,000 | | 200 | | |
| Saudi | 35,000 | | 3,000 | | |
| Israel | 25,000 | | 1,000 | | |
| UAE | 2,000 | | 600 | | |
| Qatar | 6,000 | | 2,000 | | |
| Swiss | 20,000 | | 4,000 | | |
| Holland | 6,000 | | 2,000 | | |
| Italy | 6,000 | | 2,000 | | |
| Belgium | 200 | | 200 | | |
| France | 200 | | 200 | | |
| UK | 8,000 | | 2,300 | | |
| Ireland | 200 | | 100 | | |
| Scandinavia | 25,000 | | 5,000 | | |
| Germany | 22,000 | | 5,000 | | |
| Canada | 7,300 | | 2,500 | | |
| USA | 52,000 | | 16,000 | | |
| Australia | 8,000 | | 3,000 | | |
| India | 50 | | 300 | | |
| Japan | 0 | | 300 | | |
| China | 50 | | 300 | | |
| Total | **307,000** | | **84,000** | | |

ጥብቖ ቁ፡ 2 - ብኢድ ዝምላእ ፎርም ፐቲሽን

**Country** ______________________ **City** ______________________

## ዓለም-ለኸ ኤርትራዊ መኸተ ንፍትሒ - Global Eritrean Action for Justice

**We, the undersigned reject the fabricated Reports of the Commission of Inquiry and the Special Rapporteur on the Human Rights situation in Eritrea and request immediate nullification of the Reports and termination of their mandates, and instead promote constructive engagement!**

| SN | Full Name | Occupation | Address | Signature |
|---|---|---|---|---|
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |

Page ______

ጥብቖ ቁ 3: ፐቲሽን ዝለኣኸሎም ኣካላትን ኣድራሻታትን

**H.E. Ban Kii-moon**

Secretary General
The United Nations
1 United Nations Plaza
New York, NY 10017
*email*:

**H.E. Zeid Ra'ad Al Hussein**
High Commissioner for Human Rights (OHCHR)
United Nations Office at Geneva
CH-1211 Geneva 10 – Switzerland
*email*:

**HE Ambassador Choi Kyong-lim**
**President of the Human Right Council**
UNOG-OHCHR
Palais des Nations
CH-1211 Geneva 10, Switzerland
*email*:

**Commission of Inquiry on Human Rights in Eritrea: UNOG-OHCHR**
8-14 Rue de la Paix
CH-1211 Geneva 10
Switzerland
*email*: coieritrea@ohchr.org

**H.E. Mr. Jean-Claude Juncker, President of European Commission**
European Commission
Rue de la Loi/Wetstraat 200
1049 Brussels, Belgium
e-mail: president.juncker@ec.europa.eu

**H.E. Mr. Donald Tusk, President of the European Council**
Rue de la Loi/Watstraat 175
B-1048 Brussels, Belgium
e-mail: EC.SECRETARIAT@consilium.europa.eu

**H.E. Ms. Federica Mogherini, HR/Vice-President European Commission (EEAS)**
European Commission
Rue de la Loi/Watstraat 200
1049 Brussels, Belgium
e-mail: Federica.mogherini@eu.europa.eu

**Mr.Neven Mimica, Commissioner for International Cooperation & Development**
European Commission
Rue de la Loi/Watstraat 200

1049 Brussels, Belgium
e.mail: cab-mimica-webpage@eu.europa.eu

Ministers of Foreign Affairs (ብመንገዲ ኤርትራውያን ማሕበረ ኮማት ኣብ ነብስወከፍ ሃገር ዝለኣኸሉዎም)

| Europe | Africa | Middle East | N. America |
|---|---|---|---|
| United Kingdom | Sudan | Qatar | USA |
| Sweden | South Sudan | UAE | Canada |
| Norway | Egypt | Saudi Arabia | |
| Denmark | Libya | Kuwait | |
| Germany | Kenya | Lebanon | |
| Italy | Uganda | Bahrain | |
| Belgium | South Africa | | |
| Netherlands | Zimbabwe | | |
| France | Angola | | |
| | Zambia | | |

**Members of the Human Right Council** (ኣባላት ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ዝኾና - ጀነቫ)

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| Bolivia (Plurinational State of) | Albania | Qatar | Algeria | Bangladesh |
| Cuba | Belgium | Saudi Arabia | Botswana | China |
| Ecuador | France | UAE | Burundi | India |
| El Salvador | Georgia | | Congo | Indonesia |
| Mexico | Germany | | Côte d'Ivoire | Kyrgyzstan |
| Paraguay | Latvia | | Ethiopia | Mongolia |
| Panama | Netherlands | | Ghana | Philippines |
| Venezuela (Bolivarian Republic of) | Portugal | | Kenya | Republic of Korea |
| | Russian Federation | | Maldives | Viet Nam |
| | Slovenia | | Morocco | |
| | Switzerland | | Namibia | |
| | The former Yugoslav Republic of Macedonia | | Nigeria | |
| | UK | | South Africa | |
| | | | Togo | |